# ግዳም ሓደር ሓደ ኤርትራዊ ኣብ ኦስሎ

እቲ ዓቢ ሰዓት ኣብ ኦስሎ መዕርፎ ባቡር ዝርከብ ንፍርቂ ለይቲ ዘብል ገጹ ቂምቂም ይብል ኣሎ። ተጓዓዝቲ በቲኣ ናይ መወዳእታ ሰዓት ባቡር ናይዚ መዓልቲ'ዚ ዋንኖም ጨርሾም ነናብ ገዝኦም ይሕምበቡ። ግን ኩሉ ኣይኮነን ንገዝኡ ክኸይድ ዝኽእል። ገልኡስ ነዚኣ ጎኑ ዘዕርፈላ ዓራት'ውን ኣይውንን ኢዩ። ገልኦም በዚኣ ጨካን ዓለም ሓለኽለኽ ናብራ ዝተሰነፉ ግዳም ሓደር እዮም። ገልኦም ከኣ ባብር ዘምለጠቶም ኮይኖም ካልኦት ከኣ መጎዓዓዚ ዝስኣኑ እዮም። ፍርቂ ለይቲ ሓልፉ ስለዘሎ እቲ ኣዳራሽ ናይቲ መዕርፎ ባቡር ክዕጾ ስለዝኾነ እቲ ዝተረፈ ክወጽእ ነይርዎ። መንበሪ ገዛ ዘይብሎም፣ ግዳም ሓደር ዝኾኑ ከም ባርንባስ ዝኣመሳሰሉ ኤርትራውያን ምሉእ ዓመት ኣብ ግዳም እዮም ዝሓድሩ። ዋላ እቲ ናይ ደገ ቑሪ ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 15 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ዝበጽሕ ኣብ ድገ እዮም ዝሓድሩ።

ባርንባስ ነቲኣ ንጽጉማት ግዚያዊ መዕቘቢ ክትህብ ተባሂላ ኣብ ፊቓድኡ ትዘውር ኣውቶቡስ እንዳተጸበየ ከሎ ኢዩ ኣጋጣሚ ስለዝመጸት ካብቲኦም ኣቐዲሞም ንኽዕቀቡ ዕድል ዝረኸበ። ባርንባስ ዉዑይ ቡን ረኺቡ ንሓንቲ ለይቲ መዕቘቢት ትኾኖ ኣውቶብስ ምርካቡ ዕድለኛ ኢዩ። ባርናባስ ከምዝበሎ ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ተዓቚቡ ንግዚኡ ካብቲ ሓያል ቁሪ ምግልጋሉ ሓጎሱ ይገልጽ።

ካልእ ውልቀሰብ'ውን ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ክኣቱ ዕድል ዝረኸበ ነቲኣ ኣውቶቡስ ከምዝፈትዋ ገሊጹ። ሳልሳይ ውልቀሰብ ከምዝበሎ'ውን እቲ ዝርካቡ ዕድል ኽትጥቀም ምኽኣል ጽቡቕ ዕድል ኢዩ ይብል።

## ስክፍታታት

መዕርፎ ባቡር ኦስሎ ሰዓት ሓደ ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ ክዕጾ ስለዘለዎ ኩሉ ካብቲ ኣዳራሽ ክወጽእ ኣለዎ። እቲ ስክፍታ እዚኦም ግዳም ሓደር ኣብ ደገ ክሓድሩ ስለዘለዎም እሞ ኸኣ ናይ ኦስሎ ቑሪ እንዳኣንቆልቆለ ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 20 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ክወርድ ትጺቢት ስለዘሎ እንታይ ይኹኑ ዝብል ሕቶ ኢዩ። ኣብ ኦስሎ ሓደሓደ ግብረ ሰናይ ወሃብቲ ማሕበራት ከምዝብልዎ ካብ 50 ክሳብ 70 ዝኾኑ ግዳም ሓደር ከምዘለዉ ግምታት ኣሎ።

ክሪሲትን ፊርግስታድ ዝተባህለት ሓላፊት ናይ ሓደ ፕሮጀክቲ ከምዝበለቶ ኣብዚ ቆራሪ ግዜ ኣብ ደገ ምሕዳር ብጥዕና ይኹን ንህይወት ሓደገኛ ኢዩ ትብል። ካልእ ማሪት ሶል ዝተባህለት ሓልፊት'ውን ከምዝበለቶ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ደገ ምሕዳር ሓደገኛ ኢዩ ትብል።

ሰብኣዊ ረዲኤት ለገስቲ ከምዝብልዎ ግን ንኹሉ መዕቘቢ ዝኸውን ቦታ ከምዘሎ ኢዩ። ናይ ገሊኡ ግን ክርድኣካ ብዘይኽእል ምኽንያት ኣብ ደገ ምሕዳር ይመርጹ። ዮስታይን ሆገን ዝተባህለ ሓደ ካብ ሓገዝ ወሃብቲ ውልቀሰብ ከምዝበሎ እዝኦም ኣብ ደገ ዝሓድሩ ዝለዉ በዚ ቑሪ'ዚ ኽመቱ ይኽእሉ እዮም።

## ቆራሪ መደቀሲ ሎቓታ

ባርናባስ ወዲ 32 ዓመት ኢዩ። ሕጋዊ ወረቐት መንበሪ ዘይብሉ ስደተኛ ኣብ ኖርወይ ኢዩ። ካብቲኣ ምቼእ ክሊማኣ ዝኾነት ኤርትራ ዝመጸ ስደተኛ ኮይኑ ንኽልተ ዓመት ብዘይሕጋዊ መንገዲ ግዳም ሓደር ብምኻን ይቕመጥ ኣሎ። ንሓደ ዓመት ዝኸውን ኣብ መዕቘቢ ስደተኛታት ሊየር ዝተባህለ ቦታ ተቐሚጡ። እንተኾነ ነቲ ቦታ ስለዝጸልኦ ናብ ኦስሎ መጺኡ። እቲኣ ጸላም ሻንጣ ሒዙዋ ዝዘውር ክሳብ 7 ኺሎ ትምዝን። ካብ ንብረቱ ሓንቲ መጽሓፍ ቅዱስን ክዳዊንትን ከምዝጠፍኦ ይዛረብ። ካብቲ ዝውንኖ ሓደሓደ ኣገደስቲ ወረቓቕትን ንመትርኣስ ዝጥቀመሉ እካብ ጋዜጣታት ገዲፍካ ዘለዎ ዝምስጥ ፍሽኽታን ፍሕሹው ገጽን ኣብ ደገ ምሕዳሩ ብጣዕሚ ሕማቕ ከምዝስምዖ ይገልጽ። ዘማርሮ ምኽንያት ከምዘይብሉ ይገልጽ። ኮይኑ ግን ሓደ ሙቐት ዝህብ ጃኬት እንተዝረክብ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኽጠቕሞ ከምዝኽእል ይሕብር።

ባርናባስ ብረቂቕ ክዳን ትሕቲ ዜሮ ክሳብ 18 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ዝበጽሕ ኣብ ደገ ሓዲሩ ኣሎ።ደቂሱ ከሎ ብብዝሒ በረድ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ዝወርድ ከምዝበራብር ይገልጽ። እቲ ቑሪ መጀመርያ ብጽፍሪ እግርኻን እድካን ኢዩ ዝጅምር። እንዳጸንሔ ግን ምሉእ ኣካላትካ ኣብ እምኒ ይቕይሮ ይብል። ንሕቖኻውን ሳዕቤናት ኣለዎ ይብል። እንዳሰሓቐ ስለዘዕልለካ ስክፍታታት ዘለዎ ኣይመስልን ኢዩ።

ነዚ ሓዲሽ ዓመት እንታይ'ዩ ሕልምኻ ኢልና ተወክስናዮ። ባርናባስ ክምልስ ከሎ @ተስፋ እገብር ዝዕቆበሉ ቦታ ኣብ ኖርወይ ክረክብ። ዘዕርፈሉ ቦታ ረኺበ ዓቕሚ ከዋህልል ግዜ የድልየኒ። ጸኒሔ ከኣ መናባብሮይ ግዲ የመሓይሽ እኸውን@ እንዳበለ ጸጸኒሑ ካብቲ ውዑይ ቡን ይሰቲ።

ሓንቲ ኖርወጃዊት ኢንገር ብረንዲን ዝተባህለትን መሳርሕታ ጀርጎን ሎቨሰት ናይዚ ለይቲ ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ኣሳሰይቲ እዮም። ኣብቲኣ ኣውቶቡስ ነንዝመጹ ሓደሽቲ ተዓቕብቲ ብሽኮትን ቡንን ይዕድሉ። ምስዝኦም ተዓቕብቲ ምዕላል ደስ ይብለና ከኣ ይብሉ።

## ጠጠው መበሊ ቦታ

እቲኦም ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ክዕቆቡ ዝመጹ ገሊኦም ኖርወጃዊያን ኮይኖም ኣብ መናበዪ ጽጉማት ዘሎ ቦታታት ኽነብሩ ዘይደልዩ እዮም። ገልኦም ከኣ ስራሕ ክናዲዩ ዝመጹ መንበሪ ቦታ ዝስኣኑ ፖላንዳዊያን እዮም። ገልኦም ከኣ ወልፊ ዕጸ ፋርስ ዘለዎም ኮይኖም ገልኦም ከኣ ስደተኛታትን እቲኣ ናይ መወዳእታ ባቡር ዘምለጠቶም ንገዝኦም ክኸዱ ዘይከኣሉ ውልቀሰባት የጠቓልል። ሓደሓደ እዋን ሰብ ይበዝሕ እሞ ገልኦም ኣብ ደገ ኽጸበዩ ይግደዱ። ኢንገር ብረንዲን ከምትብሎ ኣብዚ ቦታ ክመጹ ዘይደልዩ ዝተፈላለየ ምኽንያት ዘለዎም ውልቀሰባት *ከምዘለዉ'*ውን ይፍለጥ። ገሊኡ ብሕታዊነት ዝመርጽ ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ ኣብ ጋራዣት ከምኡ'ውን ኣብ ሙቐት ክረከበሉ ዝከኣለሉ ቦታታት ተሓቢኦም ዝነብሩ ኣለዉ።

ባርናባስ ክሳብ ዝወግሕ ማለት ክሳብ ሰዓት 4 ናይ ወጋሕታ ኣብዚኣ ኣውቶቡስ ክጸንሕ ኢዩ። ምስ ወግሐ ግን ኣብቲ መዕርፎ ባቡር ዘሎ ኣዳራሽ ኣቲዩ ኣስናኑ ሓጺቡ ጸጉሩ መሻሺጡ ክዛወር ክውዕል ኢዩ።

## ሞራል

ንሕና ኤርትራዊያን ንሕበነሉን ንኾርዓሉን ካብ ኣቦሓጎታትናን ኣቦታትና ክተሓላለፍ ዝጸንሐ ክብርታት ኣሎና። ሓደ ካብ ክብርታትና ንጽጉማት ምሕጋዝ ኢዩ። ኣብዚ ኣብ ኦስሎ ኻብ ኽካየድ ዝጸንሐ ሰሚናራት ይኹን ዘተ ብዛዕባ ንጽጉማት ምሕጋዝ ብዝምልከት ምርሒት ዝብሃል ብዓበይቲ ሰባት መናባብርቲ ዓዲ ተባሂሎም ዝፍለጡ ይውገን ከም ዝነበረ ይዝንቶ። እዝኦም ዓበይቲ ዓዲ ጽጉም ሰብ ምስዝርከብ ኣገሌ ንኽንዲዚ ሳምንታት ምሳኻ ኽጸንሕ ኢዩ ብድሕሪኡ ከኣ ኣገሌ ክቕበለካ ኢዩ እንዳተባህለ ንጸገም ውልቀሰብ መፍትሒ ይረኽበሉ ከምዝነበረ ይዝንቶ።

ግዳም ሓደር ሓደ ኤርትራዊ ህሉዊ ኩነታት ኮይኑ ናይ ብሓቂ ሽሙ ብፈጠራዊ ሽም ተቐይሩ ኢዩ ቐሪቡ ዘሎ። ምናልባት ኣብ ካልእ ሃገራት ዝርከቡ ኤርትራዊያን ናይ ምትሕብባር መንፈስን ምትሕቛቛፋን ይህልዎም ይኸውን። ኣብ ኖርወይ ንርከብ ኤርትራዊያን ግን ኤርትራዊ ካብዚኣ ዓለም ክፍለይ ከሎ ነርእዮ ምትሕብባር ሰብ ብህይወቱ ከሎ ስለምንታይ ከምንጭክነሉ ሕንቅልሕንቅልተይ ኢዩ ዝኾነካ። ግዜ ይመጽእዶ ኾን ይኸውን ኤርትራዊያን ኣብ ኖርወይ ዘሎና ኣብ ነንሕድሕድና ዘሎ ጭካኔ ብርህሩህ ልብ ንቕይረሉ?

ተጻሒፉ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ